Folkhälsomyndigheten

VACCINATION MOT INFLUENSA OCH COVID-19, OKTOBER 2023, TIGRINJA

# ክታበት ጻረ ኢንፍሉወንሳ ከምኡ ውን ኮቪድ-19

በዓል-መዚ ህዝባዊ ጥዕና፡ ነቶም ብዕድመ ልዕሊ 65 ዓመት ዝኾኑ ሰባት፡ ኣረጋውያንን ከምኡ ውን ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ሰባትን ክታበት ክወስዱ ከምዘለዎም ይመክር።

## እቲ ክታበት ብነጻ ዝወሃብ እዩ።

በዓል-መዚ ህዝባዊ ጥዕና ነዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ከመሓላልፍ ይደሊ፡

- ንኽታበት ኢንፍሉወንሳን ኮቪድ-19ን ብዝምልከት፡ ቅድምያ ነቶም ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ሰባት ክወሃብ እዩ። እቶም ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ሰባት ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሽወደን ብነጻ ክኽተቡ ይኽእሉ።
- ኣብ ሓደ እዋን፡ ክታበታት ወቕታዊ-ኢንፍሉወንሳን ኮቪድ-19ን ክትክተብ ይከኣል እዩ።
- ኢንፍሉወንሳን ኮቪድ-19ን ኣብ ሓጋይ ክላብዑ ከምዝጅምሩ ጥርጥር የለን። እቶም ንኸቢድ ሕማም ክቓልዑ ዘስግኡ ሰባት ከኣ፡ ድሕነቶም ንምርግጋጽ ክኽተቡ ኣገዳሲ እዩ።
- እቲ ክታበት ምሉእ-ብምሉእ ይከላኸል`ዩ እኳ እንተዘይተባህለ፡ ተኸቲብካ እንለከኻ ምስእትሓምም ግን ነቲ ከጋጥም ዝኽእል ረኽሲ ቅልል ዝበለ ክኽሽውን ይገብር እዩ።

## ቅድምያ ነቶም ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ሰባት

እዞም ዝስዕቡ ጉጅሌታት (ከምዘለዉዎ) ጻረ ኢንፍሉወንሳን ኮቪድ-19ን ክታበት ክወስዱ ንምዕድ።

- ብዕድመ 65 ዓመት ዝመልኡን ልዕሊኡ ዝኾኑን ሰባት።
- ልዕሊ 12 ሳምንታት ዘሕለፉ ነፍሰ-ጾራት።
- እዚ ዝስዕብ ሕማማት፡ ምልክታት-ሕማም ወይ ውን ኲነተ-ሕማም ዘለዎም ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኦም ኣባጽሕ፡
  - ብነባሪ ሕማም ልብን መትኒታት ከምኡ ውን ብወቕዒ ዝተጠቕዑ ሰባት። ክታበት ኮቪድ19 ምስዝኸውን፡ ጸቕጢ-ደም ዘለዎም ሰባት።
  - ከም ሕማም ነባሪ ዓጋቲ መተሓላልፎ ሳንቡእ፡ ከቢድ ወይ ውን ዘይግርጉእ ባህሪ ዘለዎ ሕማም ኣዝማ ዝኣመሰሉ ነበርቲ ሕማማት ሳንቡእ ዝተጠቕዑ ሰባት።
  - ካልእ ዕማማት ሳንቡእ ክዳኸም ዝገብር ወይ ውን ናይ ምስዓል ዓቕሚ ክሓምቕ ዝገብር (ንኣብነት፡ምሒር ምኽሳዕ፡ መትነ-ጅማታዊ ሕማማት ወይ ውን ዝተደራረበ ምግደራ) ምልክታት-ምጽላእ ወይ ውን ኲነተ-ሕማም።

- ነባሪ ሕማም ጸላም-ከብዲ ወይ ፍሽለት ኮላሊት።
- ሕማም-ሽኮር፡ 1ይን 2ይን ዓሌታት
- ብሰንኪ ሕማም ወይ ውን ፍወሳ ዳውን-ሲንድሮም ከይተረፈ ከስዓቦ ዝኽእል፡ ዓቕሚ ምክልኻል ኣካላትና ካብ ሕማማት ኣዝዩ ከሓምቕ ዝገብር ኲነተ-ሕማም።

ካብዞም ዝጠቕስናዮም ተኣፈፍቲ ጉጅሌታት ወጻኢ፡ ከታበት ኮቪድ-19 ክወስዱ ብፍሉይ ኣብ ግምት ክኣትዉ ዘለዎም ሰባት እቶም ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ኣብ መንበሪ-ገዝኦም ንፐፈታት ንኽካይዱ ሓገዝ ዘድልዮም ሰባት ከምኡ ውን እቶም ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቕስናዮ ምልክታት-ሕማም ወጽኢ ጥዕንኦም ኣዝዩ ሕምቕ ዝበለ ሰባት ክንጠቕስ ንኽእል።

እቶም ካልኦት ጠንቂታት ኢልናዮም ዘለና፡ ሲካትሪያዊ ሕማማት፡ ሕማም ረስዕ ወይ ውን ሃሳዪ ቅጥዒ-ኣልቦ ዝውተራ ኣልኮላዊ-መስተን ድሮጋን ክኸውን ይኽእል።

እዞም ዝስዕቡ ጉጅሌታት ጸረ ኢንፍሉወንሳ ከታበት ክወስዱ ንመክር፡

- ብሓደ ካብቶም ምስ ኣባጽሕ ኣተሓሒዝና ዝገለጽናዮም ሕማማት፡ ምልክታት-ሕማምን ኲነተ-ሕማምን ዝተጠቕዑ፡ ካብ 6 ኣዋርሕ ክሳብ 17 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት።
- ኣብ ዙርያ ናይቶም ብይነት ኣካላቶም ኣዝዩ ድኹም ዝኾነ ሰባት ዝርከቡ ወይ ምስኦም ዝነብሩ ህጻናትን ኣባጽሕን።
- እቶም ኣብ ፍሉይ መንበሪ ኣረጋውያን ወይ ውን ኣብ ገዛእ ገዝኦም እንዳነበሩ መዓልታዊ ሓገዝ ዝግበረሎም ኣረጋውያን ከምኡ ውን እቶም ነዚኦም ብቐረባ ኣብ ምግልጋል ዝነጥፉ ሰራሕተኛታት ክፍሊ ክንክንን ናብዮትን።

ኣብ ፍወሳ ሕሙማት ዝነጥፉ ሓካይም ክኸተቡ ኣድላዪ ምዃኑን ዘይምዃኑን ኲነታት-ገምጋም ክገብሩ ይኽእሉ።

**Solna** Folkhälsomyndigheten, SE-171 82 Solna. Besök: Nobels väg 18. **Östersund** Folkhälsomyndigheten, Box 505, 831 26 Östersund.
Besök: Campusvägen 20. Telefon 010-205 20 00 E-post info@folkhalsomyndigheten.se www.folkhalsomyndigheten.se